**Text: Sigi Lieb, Übersetzung in Tigrinja: Michael Fessehaye**

## መግለጺን ሓበሬታን ንኣካባብራ ካርነቫል – [ኣብ ከተማ ከለንን ካልእ ቦታታትን]

ኣዳላዊት ፡ ወይዘሮ ዚጊ ሊብ (Sigi Lieb)
ተርጓሚ፡ ምኪኤል ፍስሃየ (Michael Fessehaye)

ካርነቫል ዓመታዊ ኣብ ወርሒ ለካቲት ሓሙስ መዓልቲ ይጀምር። ቅድሚ ምጂማር ጾመ ኣርበዓ ከኣ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ሰሉስ ይውድእ።

## ኣስማት መዓልቲ ካርነቫል

ሓሙስ፡ Weiberdonnerstag, Weiberfastnacht, Weiberfasching, Altweiber Wieverfastelovend (Köln)
ዓርቢ፡ Karnevals-/Faschingsfreitag
ቀዳም፡ Karnevals-/Faschingssamstag
ሰንበት፡ Karnevals-/Faschingssonntag
ሰኑይ፡ Rosenmontag
ሰሉስ፡ Karnevals-/Veilchendienstag

ኣብ ከተማ ከለን እዛ ሰሙን Fastelovend [ፋስተሎቨንድ] ትበሃል።
ኣብ 2016 ካርነቫል ካብ ዕለት 4 ክሳብ ዕለት 9.ለካቲት ይውዕል።

እቲ ባህሊ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፋላለ, ሓሙስ ሳዓት 11:11 ቀጥሪ ከኣ ይጅምር። እቲ ህዝቢ ብሕልፊ ኣብ ከለን ፍሉይ ኣካዳድና [በኢንግሊዝ ኮስትዩም] ተኸዲኖም ናብ ስራሖም ይኸዱ, ኣብ ከተማ ይንቃሳቐሱ። ንኣብነት ኣካዳድና ጠንቋላይ/ ካውቦይ/ ክላውን[መላገጽቲ] ተኸዲኖም ገጾም ሕብሪ ይልከዩ።

ኣብታ ካርነቫል ትጅመረላ መዓልቲ ደኳኩን ፋዱስ ይዓጽዉ ምሉእ መዓልቲ ካኣ ባዓሎም ኣብ ጐደናን ባርን የኽብሩ። ሰንበትን ሰኑይን ደኳኩን ሙሉእ መዓልቲ ይዕጾ።

ምሉእ ሰሙን ኣብ ነብሲወከፍ ከተማ ሰልፊ[ብኢንግሊዝ ፓረይድ] ምስ ሳዕስዒትን ሙዚቃን ይካየድ። ዝተሰለማ ማካይንን ካሮሳታትን ክሓልፋ ኮሎዋ እቲ ህዝቢ ኣብቲ ማርቻፓደ ይስራዕ። ኣብ ልዕሊ ካሮሳታት ዝተሰቐሉ ሰባት ነቲ ህዝቢ ካራመላ፡ ቾኮላታ፡ ፊዮሪ ይዕድልዎ። እቶም ዓደልቲ ን „Alaaf“ (ኣላፍ) „Kamelle“ (ካመለ) „Strüßcher“ (ሽትሩስየ) ዝበለ ሰብ ጥራይ ኢዮም ዝዕድሉ።
ካርነቫል ምስ ነኣሽቱ ቆለዑ ክተሕልፍዎ እንተደሊኹም ብዙሕ ጭቕጭቕ ዘይብሉ ናይ ቆለዑ ፓረይድ ኣሎ።
እቲ ፓረይድ ዝካየደሉ እዋናት ንኽትፈልጡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይ ሓበረታ ሰፈርኩም

ሕተቱ።

## መሰረት ባህሊ ካርነቫል

ቅድሚ ክርስትና፥ እቲ ሰብ ግዝየ ቁሪ ንኽፋኡን ኩነታት ኣየር ቀልቲፉ ንኽማሙቐሉን ማስከራ ይኽደን ነሩ።

2. ኣብ ግዝየ ኽርስትና፥ ቅድሚ ምጅማር ጾመ ኣርበዓ እቲ ህዝቢ ድራር ጾም ኢሉ ካርነቫል የኽብር ነሩ።

3. ኣብ ግዝየ ሮማውያን፥ ንሓንቲ መዓልቲ ጎይቶት ኣገልገልቲ ይኾኑ ኣገልገልቲ ከኣ ጎይቶት ይኾኑ ነይሮም።

4. ኣብ 18 ን 19 ን ክፍለዘምን ጀርመን ብፈረንሳውያን ተወሪራ ከላ እቲ ህዝቢ ነቶም ገዛእቲ ንኽላግጽ ኢሉ ክዳን ወተሃደሮም ይኽደን ነይሩ።

## መን ኢዩ ካርነቫል ዘብዕል ?

ኣብ ገሊኡ ቦታ ካርነቫል ቆለዑን መንእሰይን ጥራይ ኢዮም ዘኽብርዎ።
ኣብ ከለንን ከባቢኣን ግን ብዘይ ናይ ዕድመ ፍልልይ ኩሉ ሰብ የኽብሮ።
እቲ በዓል ከተኽብሩ እንተ ደሊኹም ከምቲ ህዝቢ ኣብቲ በዓል ዝኽደኖ
እንተ ተኸደንኩም ዝሓሸ ኢዩ።

## ንድሕነትኩም

ኣብ ግዝየ ካርነቫል ብዙሕ መስተ ስለ ዝስተ ኩሉ ሰብ ከኣ ተኣሪሙ ይኽይድ ማለት ኣይኮነን።
ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ሰብ ይበኣስ ስለ ዝነበረ ኣብ ውሱናት ቦታታት ናይ ከለን ጥርሙዝ ሒዝካ ክትንቀሳቐስ ኣይፍቀድን።
ክትጥንቀቑሉ ዝግባኣኩም ቦታታት - ጻዕቂ ሰብ ዝረኣየሉ ከም እንዳ ባቡር፡ ኣብ ማእከል ከተማ ፡ኣብ ትሱልፒሸር ፕላትስ (ኣዳባባይ) እንተ ዘይተንቀሳቐስኩም ዝሓሸ ኢዩ።

ኣብቲ ግዜ ካርነቫል ሓሙስን ሰኑይን ባቡራት ሰብ ስለ ዝመልኣ ፡እቶም ተሳፈርቲ ድማ መስተን ሳዕስዒትን ደርፍን ስለ ዘዘውትሩ፡ እዚ ከሰምብደኩም ስል ዝኽእል ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ እንተ ረሓቕኩም ዝሓሸ ኢዩ።
ብኽምዚ ምኽንያት ድማ ባቡራት ሰዓታት ክሕልዋ ኣክእላን ኢየን።

# ኣገዳስነት ስነ ስርዓት

ከተማ ከለን ብሮማዊያን ኣትሒዛ ካብ ትምስረት ዝተፋላለዩ ዓሌታት ይቕምጥዋ። ነቲ ምትእኽኻቦም ከኣ የኽብርዎ። ኣብቲ እኩብ ህዝቢ ሕጉስ ሃዋሁ ይርአ።

ኣብ ካልእ እዋን ዘይልሙድ ጠባያት ይርአ ከገርመና ከኣ የብሉን።

ኩሉ ኣብቲ መዓልቲ ዝግበርን ዝዝረብን ጸውታ ኢዩ እምብር ሓቂ ኣይኮነን። ተዓዘብቲ እምብር ተሳተፍቲ እንተዘይኮንኩም ዝሓሸ ኢዩ።

እቶም ተሳተፍቲ  ባዓል፡ ኣዛራርቦኦም / ኣጣማምታኦም/ ዘገብርዎ ምልክት/ ምንቅስቓስ ናይ ፍቕሪ እንተርአዩ ሓቂ ከይመስለኩም።
ሓደ ሰብ ምሳኹም ክስዕስዕ ወይከኣ ምልክት ናይ ምስዓም ክህበኩም ዝጸንሐ፡ ነዓኹም ገዲፉ ናብ ካልእ ክኸይድ ኮሎ ኣይትሕረቑ።
እዚ ኩሊ ግብሪን ጸወታን ባህሊ ናይ ካርነቫል ኢዩ።

እዚ ትዕዘብዎ ጠባያት ኣብዚአን ውሱናት መዓልቲ ካርነቫል ደኣ እምብር፡ ኣብ ካልእ እዋን ኣይግበርን።
ከምኡ ድማ ኣንስቲ ክዳን ሰብኡት፡ ሰብኡት  ከኣ ክዳን ኣንስቲ ከም ኮስትዩም ይኸደኑ።

ንሰብ ብካመራ ክትስእልዎ እንተደሊኹም ኣቐዲምኩም ሕተቱ ፡ ባዕሉ ከኣ ከፍቅደልኩም ኣለዎ ።
ካርነቫል በዓል ናይ ምትእኽኻብን ሕውነትን ኢዩ። ኩሉ ግዜ ምንቅስቓስኩም ብስነ ስርዓት ክኸውን ይግባእ። ንዝኾነ ሰብ ፍቓደኛ ምስ ዘይከውን ኣይትተንከፍዎ። ንስኻትኩም ውን ሰብ ክቐርበኩም እንተ ዘይተፍቅዱ ኰንኩም ብሰነ ስርዓት መልስሉ።

# ኣገደስቲ ቃላት

ኣብ ከለን ብጆካ ቋንቋ ጀርመን „ከልሽ" (Kölsch) ዝባሃል ቋንቋ ይዝረብ።
„Alaaf“ (ኣላፍ)፡ ብቋንቋ ከልሽ፡ „ካርነቫል ነኽብር ኣለና“
„Kamelle“ (ካመለ)፡ ብቋንቋ ከልሽ ፡ዝዕደል ካራመላ ቾኮላታ
„Strüßcher“ (ሽትሩሴ) ብቋንቋ ከልሽ፡ዝዕደል ፊዮሪ
„der Zoch“  (ደር ትሶኽ) ብቋንቋ ከልሽ፡ ሰልፊ ካርነቫል ምስ ሳዕሳዕትን ሙዚቀኛታትን
,,Jeck, Jecken'',,Narr, Narren'' (የክ,የክን - ናር,ናረን) ብቋንቋ ጀርመን፡ ኮስትዩም ዝተኸድነ ሰብ, ዝተኸድኑ ሰባት
„bützen'' (ቡትሰን) ብቋንቋ ከልሽ፡ ምስዓም
,,sich verkleiden / sich maskieren'' (ዚሽ ፈርክላይደን ማስኪረን) ብቋንቋ ጀርመን፡ ኮስቲዩም ማስከራ ምኽዳን

,,sich schminken'' (ዚሽ ሽሚንከን)ብቋንቋ ጀርመን ገጽ፡ ሕብሪ ምልካይ፡ መይክኣፕ

,,die Maske'' (ማስከ) ብቋንቋ ጀርመን፡ ማስከራ

,,die Perücke''(ፐሩከ) ብቋንቋ ጀርመን፡ ባሩካ

,,schunkeln'' (ሹንከልን) ብቋንቋ ከልሽ፡ ሳዕስዒት ካርነቫል